# ናይ ንእስነት ዓመታት፥ ቅልል ዝበለ ግዝያት ንወለድን ንመንእሰያትን ምግባር

ሐደ ሐደ ጊዜ ንጓለይ እንክጥምት በለት ሊን (Lien) ምእማን ይኣብየኒ ዝምድናና ከምዚ ኢሉ ምጽባቑ። ጓለይ መንእሰይ ጓል ዓሰርተው ሓሙሽተ ገጻ እንከላ መብዛሕትኡ ጊዜ ዘይምስምምዓን ባእስን እዩ ነይሩና ካብዚ ዝተላዕለ እውን እየ ብጣዕሚ ዝዓሞቀ ጽልኢ ሒዝና እንነብር እዩ ዝመስለኒ ዝነበረ።

ናይ ሊን ተሞክሮ ናይ ምሉእ ሕብረተሰብ ካናዳ ሽግር እዩ። ንውሑዳት ቤተሰብ ናይ ደቆም ናይ ንእስነት ዓመታት ዘጸግምን ባእሲ እውን ዝመለአ እዩ። እዚ ካብ ደቂ ዓሰርተ ክልተ ስጋዕ ዓሰርተ ትሽዓተ (መንእሰያት) ዘምጽኦ ስምዒታዊ ናይ ኣካል ምቅይያር ጠባዮም ከምኡ እውን ምሽፋት የምጽእ።

ይኹን እምበር ንሊን እዘን ዓመታት እዚኣን ብፍላይ ጸገም ኮይንዋ ነይሩ ምኽንያቱ ከምተን ካብ ወጻኢ ዓዲ ናብ ካናዳ ዝስዓዳ ብዙሓት እኖታት ንሳውን ብናይ ዓዳ ብህሊን ልምድን ደቃ ክትዕቢ እዩ ኔሩ ድልየታ። እንተኾነ ግን ከምዚ ዘኣምሰለ ኣተዓባብያ መገዲ መብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ ካናዳ ካብ ዘሎ ኣዚዩ ይፈላለይ እዩ። ኣብ ዓዶም ቤተሰባት ዝበለጸ ጥብቂ እዮም ኣብ ካናዳ ግን መንእሰያት ዝበለጸ ናጽነት ኣለዎም። ጓለይን ካልኦት ኣዋልድን ቀዳምን ሰንበትን ቆጸራ ጌረን ከምዝወጻን ምስካልኦት መሓዙተን ከምዝሓድራን ምስ ፈለጠት ንሳውን ከምኣተን ምግባር ደለየት።

ሊን ዝሓለፈ ሕይወተን ብምዝካር ቆጸራ ጌራ ምውጻእ ከምዘይትኽእል እገልጸላ እሞ ኣጥቢቃ ትካትዓኒ ኔራ በለት። እቲ ጸገም ዝኸፍኤ ኾይኒ ዘጋጠመኒ ወለደይ ምሳይ ምንባሮምን ናታቶም ተቓውሞ ንጓለይ ምሳይ ህውከት (ክትዕ) ምፍጣራ ኣነ ድማ ንዓኣ ምቑጽጻር ብዘይ ምኽኣለይ ንኽልተና ዝሰማማዕ ወይ ዝድግፍ ሓሳብ ኣይነበሮምን።

እዚ ኩሉጊዜ ዘጋጥም ጉዳይ እንተኾነ ደቆም ምእንቲ ዝተማልኣ ናብራ ክህልዎም ንነዊሕ ሰዓታት ዝሰርሑ ወለዲ ንደቆም ዝበለጸ ሕይወት ንክህቡ ብደቆም ግን ፍልይ ብዝበለ ከም ዝርድኦም ከምዘየኽብርዋም እውን ይርድኦም። እንተ ኾነ ግን ወለዲ ኾኑ መናእሰይ ሓደ ናይ ሓባር ዝኾነ ረቛሒ ኣለዎም ክልቲኦም ምስ ክልተ ክብረት ዘለዋ ባህልን ልምድን ይቃለሱ። ኣብዚ ዕድመ እዚ ዝርከቡ ቆልዑ ኣብ ገዝኦም ብዝርከብሉ እዋን ብዘይ ሓደ ምኽንያት ናይ ገዝኦም መምርሒን ስነስርዓትን ክምእዘዙ ይግደዱ። ካብ ገዛውቶም ወጻኢ ከምቲ ናይ ካናዳ ሕብረተሰብ ክኽተሉ እንከለዉ ግን ናይ ኣተሓሳስብኦምን ርእይቶኦምን ነፍሲ ፍትወት ዝመልአ ኾይኑ ሓሳቦም ከይዓገቱ ይዛረቡ። መናእሰይ ንወለዶም ከሐጉሱ ከምኡ እውን ኣብቲ ናይ ካናዳውያን ሕብረተሰብ ናይ ብኣዕርኽቶም ተቀባልነት ክህልዋም ይደልዩ።

ምንም እኳ ልሙድ ኣካላዊን ጠባያዊ ምቅይያር ከምኡ ጽንኩር ጊዜ እንተኾነ ሐድሓደግዜ ድልየቶም ይግበሩ ኢልካ ክትሓድጎም ኣሎካ ማለት ኣይኮነን እንታይ ድኣ ዓቅሊን ምስትውዓልን እዩ ዘድሊ። መንእሰያት ከምቲ ወለዶም ዘለዎም ሓላፍነት የብሎምን ግን ኣብ ትምህርቲ ክነፍዕ ኣሎኒ ኣብ ናይ ካናዳውያን ሕብረተሰብ ተቀባልነት ክህልወኒ ከምኡ መጻእየይ እንታይ ኮን ይመስል ደኾን ስራሕ ደኾን እረክብ እኾን ከባቢየይ ኮን እንታይ ይመስል ደኾን ምስዓበኹ። ብዓበይቲ እውን ንሕስያ ዘይብሉ ይንቀፉ። ኣብ ናይ ወረ መስመራት ብዛዕባ መንእሰያት እነንብቦን እንሰምዖን እውን ኣብ ክንዲ እቲ ጽቡቅ ግብሮም እቲ ሕማቅ ግብሮም ጥራሕ እዩ ዝስማዕን ዝንበብን። እዚ ማለት ግን መብዛሕትኦም መናእሰይ ገበርቲ ሕማቅ እዮም ማለት ኣይኮነን።

እንታይ ድኣ ክገብሩ ኣለዎም ወለዲ ካብ ሽግር ክናገፉ። ሕልፍ ኢሎም ወለዲ ጽኑዕ ስነስርዓታዊ መምርሒ ምጥቃም ዘስሕት ኮይኑ ይርከብ እንተኾነ እዚ ናይ መንእሰያት ጠባይ ዝገደደ ክገብሮም ይኽእል እዩ። ብኻልእ ወገን ክኣ እንተወሓደ ምስ ሓደ ወላዲ ጽቡቅ ዝምድና ዘለዎም መናእሰይ

ዝወሓደ ብድንገት ዝመጽእ ኩነት ኣብ ዓሙቅ ሽግር ካብ ምእታው ይድሕኑ። እዚ ዝኸተል ናይ ወለድን ውላዶምን ዝምድና ዘማዕብሉ እዮም፤

- ክምተፍቅሮምን ክምትግደስን ምርኣይ ዋላ ኣብ ሕማቅ ጠባይ ዘርእዩሉ ግዜ እውን
- ኣብ ኩሉ ሕይወቶም ኣብ ዝገብርዎን ዝብልዎን ብጣዕሚ ምግዳስ
- ኣብ ስሩዕን ኣብ እትዘናግዑሉን ግዜ ምርካብ ንውላድካ (ምንም እኳ ብዙሕ ሓላፍነትን ስራሕን እንተሀለወካ) ክምኡእውን ንክልተኹም ደስ ዘብል ነገራት ንምግባር ግዜ ምርካብ
- እቲ ጽቡቅ ግብሪ ዝገብርዋ ክምእተለሊ ክተፍልጦም ኣሎካ

The material in this brochure has been adapted from documented by NSW Multicultural Health Communication Service.
This brochure can be reproduced as required.

Canadian Mental Health Association – Edmonton Region Phone: (780) 414.6300 www.cmha-edmonton.ab.ca
Edmonton Mennonite Centre for Newcomers Phone: (780) 424.7709 www.emcn.ab.ca
Multicultural Health Brokers Co-op Phone: (780) 423.1973